ብሮሹር ሓበሬታ
ንተጠቀምትን ንቤተሰቦምን ዚኸውን ሓበሬታ

# ዲጂታላዊ ክትትል እንታይ እዩ፧



# ዲጂታላዊ ክትትል

ዲጂታል ክትትል ዝብሃል ከምዚ ኸማኻ ኣብ ገዛኡ ንዝነብር ሰብ ብካሜራ ወይ ብዘይ ካሜራ ብእተፈላለየ ስንሰራት ኣቢልካ ዝግበረሉ ምክትታል እዩ።

ክትትል እንተድኣ ኣድልዩካ፡ ሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና ኣብ ሰምምዕ እተገብረሉ ግዜ ብካሜራ ኣቢሎም ነዚ ክገብርዎ ይኽእሉ እዮም። በዚ መንገዲ እዚ ድማ፡ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ናብ ገዛኻ መጺኦም ክርእዩኻ ሰለ ዘየድልዮም ኣይትርበሽን ኢኻ።

ልዑል ናይ ምውዳቕ ሓደጋ እንተሃልዩካ፡ እቲ ዲጂታላዊ ናይ ክትትል መሳርሒታት ክትወድቕ ከለኻ ነቲ ኹነታት ፈሊጡ ናብቶም ናብ ገዛ መጺኦም ክንክን ዝህቡ ሰራሕተኛታት መልእኽቲ ክልእኽ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ኣብቲ ኩነታት ብልክዕ ዘጋጠመሉ እዋን ሓገዝ ከም እትረክብን ክሳዕ እቲ ዝቕጽል ናይ ክትትል ምብጻሕ ክትጽበ ከይትግደድ ይሕግዘካ።

እቲ መሳርሒ፡ ንኣብነት ኣብ ሽቓቕ ወይ ኣብ ከምኡ ዝኣመሰለ ቦታታት ካብ ንቡር ንላዕሊ ነዊሕ ግዜ እንተ ጸኒሕካ እውን ነቲ ኹነታት ክምዝግቦ ይኽእል እዩ፣ ድሕሪኡ ኸኣ እቲ ናይ ገዛ ክንክን ዝህብ ሰራሕተኛ ሓደጋ ኣጋጢሙ እንተ ኾይኑ ንኽፈልጥ ምሳኻ ርክብ ክገብር እዩ።

ሰብ ሞያ ክንክን ጥዕናን ቴክኒሻናትን ምሳኻ ብምትሕብባር እንታይ ዓይነት ናይ ክትትል መሳርሒ ኽትጥቀም ከም ዘሎካ ከምኡውን እቲ መሳርሒታት ኣበየናይ ሰዓታት ናይ መዓልቲ መጠንቀቕታ ክህብ ከም ዘለዎን ኣበይ ክቕመጥ ከም ዘለዎን ብጥንቃቐ ኽውስኑ እዮም። ከምኡ ዝገብሩ ድማ ንኹነታትካን ንገዛኻን ዝምሽእ ዝበለጸ ፍታሕ ክትረክብ ንምሕጋዝ እዩ።

ኩሉ እቲ ክትትል ኣብ ናይ መዝገብ ሕሙማት ይምዝገብ እዩ። እዚ ድማ መን ነቲ ክትትል ከም ዘካየዶን ክንደይ ግዜ ከም ዝጸንሐን ዝገልጽ እዩ። ኣብ እዋን ክትትል እተሳእለ ናይ ካሜራ ስእልታት ኣይክዕቀብን እዩ።

ስለዚ ዲጂታላዊ ክትትል መሳርሒታት ኣብ ውሽጦም ንምንቅስቓስ ዝግምግሙ ስንሰራት ዘለዎ ወይ ዘይብሉ ካሜራታት፡ ካብ ዓራት ዘይምህላውካ ዝምዝግብ መንጸፍ ዓራት፡ ምንቅስቓስ ዝፈልጣ ናይ ምንቅስቓስ ስንሰራት፡ ኣብ እትሓልፈሉ እዋን ዘጠንቅቓ ናይ ማዕጾ ኣላርም ከምኡውን ሃንደበታዊ ምንቅስቓስን ምውዳቕን ካልእን ዘለሊ ናይ ምውዳቕ መለልዪ መሳርሒታት ዘጠቓለለ ክኸውን ይኽእል።

ዲጂታላዊ ክትትል ማለት ንኣብነት ምስ እትወድቕ ወይ ካልእ ሃንደበታዊ ነገር ምስ ዘጋጥመካ ሓገዝ ከም እትረክብ ብምፍላጥ ኣብ ገዛኻ ንቡር ህይወትካ ምንባር ማለት እዩ። ብተወሳኺ፡ እቶም ናይ ገዛ ክንክን ዝህቡ ሰራሕተኛታት ብዘይ ኣድላይነት ብኣካል ናብ ገዛኻ ብምምጻእ ክርብሹኻ እውን ኣየድልን እዩ።

ብእተኻእለ መጠን፡ ከም ድላይካ ናይ ገዛእ ርእስኻ ህይወት ክትነብር ዝዓበየ ናጽነት ክህልወካ እዩ።









ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ኮሙነኻ ምስ ዘሎ ኣገልግሎት ጥዕና ተራኸብ።

**ቪድዮ-ዲጂታላዊ ክትትል**
ነዚ QR ኮድ ብተሌፎንካ ስካን ብምግባር፡ ነቲ «ዲጂታላዊ ክትትል» ዘርእስቱ ቪድዮ ኽትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

**ማእከል ህጹጽ ምላሽ- ነቲ ናይ ህጹጽ ግዜ ጸውዒትካ ዝቕበል**
ነዚ QR ኮድ ስካን ብምግባር፡ ነቲ ብዛዕባ ማእከል ህጹጽ ምላሽ ዝገልጽ ቪድዮ ኽትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

Responssenteret
- alltid i nærheten